12 ለካቲት 2007 ዓ.ም.ፈ

## ቅልዕቲ ደብዳበ
## ንመራሕቲ ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ

ኣቐዲመ ዝኸበረ ሰላምታይ ኤቕርበልኩም። ቀጺለ ከኣ ንህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላም ንምምጻእን ካብ ድኽነትን ድንቍርናን ንምድሓን ትገብሩዎ ዘሎኹም ከቢድ ጻዕርን መስዋእትን እውን ኤመስግነኩምን ኤድንቐኩምን። ኣነ ኤርትራዊ እየ። ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘሎኒ ኣኽብሮትን ሕውነታዊ ፍቕርን ከኣ ሎሚ ኣብ እዋን ሽግርና ዘጥረኹዎ ዘይኮነስ  እቲ ቀደም ዘበን ብድሓኑ ዝነበረኒ እዩ። ህዝቢ ትግራይ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ወሪዱ ዝነበረ ጭቆናን ግፍዕን ድኽነትን ንኤርትራ እናተሰደ መግቢ ዕለቱ ይምእርር ምንባሩ ዝርስዖ ኣይኮነን።

ኣብቲ እዋንቲ ብሓፈሻ ክርኤ ከሎ ከኣ ብዙሓት ተጋሩ ኣብ ኤርትራ ክቕመጡን ክሰርሑን ከለዉ ከም ኣብ ዓዶም ዝቕመጡ ዘለዉ ብኣኽብሮትን ብፍቕርን እምበር ብውርደትን ንዕቀትን ንትሓዝ ነርና ክብሉ ዝኽእሉ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ብተፈጥሮኡ ሰብ ዘኽብርን ጋሻ ዝፈቱን ዝቕበልን እምበር ከምዚ ናይ ሎሚ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ተናኻስን ንዓቕን ንርእሱ ጥራሕ ኣልዒሉ ዝርእን ሕሱር ህዝቢ ኣይነበረን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ገለ ናይዞም ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ዝሳቐዩን ዘጋፍዑን ዘለዉ መራሕቲ ኣቦታትን ሓዎቦታትን ንባዕሎም ካብ ትግራይ ተሰዲዶም ዝመጹን ዝተቛቛሙን ክነሶም ብድዔን ጸርፍን ኣብ ልዕሊ ደቂ ትግራይ ኮነ ኤርትራውያን ኣየስምዑን ነሮም ኣይብልን።

ኣብ ኣርእስቲ ነጥበይ ክምለስ ሎሚ ጊዜ ተገላቢጡ ብሰንኪ ስርዓት እሰያስ እቲ ዝስደድን ዝሽገርን ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ዘይኮነስ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሕልፊ ከኣ ህዝቢ ትግራይን መራሕቱን ከኣ ሎሚ ኣብ ጐድኒ ህዝቢ ኤርትራ ክስለፉን ዝከኣሎም ክሕግዙን ይግባእ ዝብል ርእይቶዩ ዘሎኒ። ገለ ሰባት ነዚ ብሰንኪ ስርዓት እሰያስ ወሪዱ ዘሎ ጽልእን ሽግርን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከተሓሕዙዎን ''ህዝቢ ኤርትራ ንዓቒ እዩ''፡ ''ህዝቢ ኤርትራ ትምክሕተኛ እዩ፡'' ''ህዝቢ ኤርትራ ክፉእ ህዝቢ እዩ'' ክብሉ እሰምዕየ። ዝደኸየን ዝተጨቆነን ህዝቢ ኵሉ ሕማቕ ኣስማት ክቕበል ከም ዝኽእል ከኣ ብፍላይ ትግራዎት ክግንዘቡዎ ዝግባእ ይመስለኒ። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብሩ ዝነበሩ ተወላዶ ትግራይ ብመራሕቲ ህግደፍ  ግፍዕታትን ጥርዝያን ክካየድ ከሎ ዝተቓወሙን ኣብ ክንዲ ብጾቶም፡ ኣሕዋቶም፡ ኣዕሩኽቶም፡ ሰራሕተኛታቶም፡ ትግራዎት ዝተማጐቱን ዝተኣስሩን ዝተወቕዑን ኤርትራውያን ግን ሒደት ከም ዘይነበሩ ኣነ ኣረጋጊጸ እፈልጥ እየ።

በቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ንስርዓት እሰያስ ንቃወምን ኣብ ስደትን ኣብ ንዓኡ ምቅዋምን ተዋፊርና ዘሎና ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይኮናን። ይኹን እምበር ኣድማዕን ወሳንን ተራ ከይንጻወት ኣብ ርእሲ <u>ምሕማቕና</u> ዝተፈላለዩ ዕሱባት ኣብ ውሽጥና እናእተወ ዝፈናጥሓናን ዝብትነናን ምኳኑውን ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን። ነቲ ንገብሮ ዘሎና ተቓውሞ  ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ብስርዓት ወያኔ ዝኾኑ ኣሕዋትና ዝግበር ሓገዝ

ከም ዘይስኣን እግምት። ብወገነይ ግን እኹል እዩ ኢለ ኣይግምቶን። ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ዝወሰደቶ ስጉምቲ ክሳብ ክንደይ ከም ዝነበረ ርኢናዮ ኢና። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ሶማል ካብ ኣኽረርትን ናይ ሃይማኖት ሽቃጦን ኣማዕበልቲ እስላማዊ ፍልስፍናን ዝረግትን ተሮሪስትን ምድሓና ከኣ ንኹሉ ደላይ ሰላምን ሕውነትን ዝኾነ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ ንዓይ ዘኹርዕ ስጉምቲ እዩ ነሩ።

ህዝቢ ኤርትራ እንተደኺሙን ጠፊኡን ህዝቢ ትግራይ ክምዕብል ይኽእልዩ ወይ ከይተጸልወ ክተርፍ ይኽእልዩ ዝብል እምነት የብለይን። ከምቲ "ስጋ እንተወደቐትስ ሓመድ ሒዛ ትትስእ ዝበሃል" እምበኣር ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ኣሕዋቱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ህዝብን መራሕትን ትግራይ ሓገዝ ዘድልዮ ሎሚ እዩ። ንሕና ከምቲ ናይ ሶማል ታንክታትን ነፈርትን ሰራዊትን ኣምሪሑ ነጻ ከውጽኣና ንደልዮ ሓይሊ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሓድነትናን ጥርናፈናን ሓያላትን መስተውዓልትን ኣርሒቕና ንጥምትን ንመዝንን ክንከውን ግን ብርግጽ ሓገዝን ምኽርን ተሓጋጋዝነትን ኣሕዋትና ተጋሩ የድልየና እዩ። ድልድልትን ዲሞክራስያዊትን ህግን ስርዓትን ዝኽበረላ ፍትሓዊት ሃገረ ኤርትራ ከኣ ውሕስነትን ድፋዕን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ትግራይ ምዃና ክፍለጥን ክእመነሉን ይግባእ።

ፍትሒ መሓሪ
Feb 12, 2007